መልእኽቲ ናብ መላእ ዜጋታት ኤርትራ ዲያስፖራ ዓለም፡ ካብ ሽማግለ ሓይሊ ዕማም ጀነሳ 2018

ንኹሎም ኤርትራዉያን ምሁራት፣ ሰብ ሞያን ከኢላታትን፣ አርቲስትታት፣ ሙዚቀኛታት፣ ስነ-ጥበባዉያን፣ ዉልቀሰባት፣ ዝተጠርነፉን ዘይተጠርነፉን፡ ዝተወደቡን ዘይተወደቡን፣ አብ ኤዉሮጳ፣ ማእከላይ ምብራቕ፣ አፍሪቃ፣ ካናዳ፣ ኤሜሪካ፣ አዉስትራልያ፣ እትነብሩ፣ ብቐዳምነት ሰላምታና ይብጻሕኩም፣ ቀጺሉ ንኩነታት ሃገርና ብዘርኢ ጉዳያት፡ እንታይ ንግበር !! አዬናይ እዩ እቲ ዝሓሸ ንኤርትራ!! ንክንበላሓት ንተአከብ። ሃገርና ዓንያ፣ ህዝብና በሪሱ፣ ፍታሕ ንምርካብ ጥርናፈናን ከም ደለይቲ ፍትሒ ወሳኒ ንዓወትና እዩ ንብል። ንክንቃለስን ንክንሰርሕን፣ ስልጣን ናይ ህዝቢ ምኻኑ ከነዉሕስን፣ ቅዋማዉን : ሕጋዉን ኤርትራዊ ስርዓት ንክምስረትን፣ ነጻነትን ሕዉነትን ማዕርነትን ንኽሰፍን ሓሳባት ንሃንድስ፣ ዲሞክራሲ ክስፋሕፋሕ፣ ነጻነት ሕዉነት ማዕርነት ንክነግስ፣ ሓቢርና ብስም ኤርትራ ክንቃለስ መድረኽ ይጽዉዓና አሎ።
ዋላ ሓደ ዜጋ ኤርትራ : በይኑ ተንጠልጠሊ ከይተደጋፈ፡ ክነብር ዝከአሎ ከአ ዬለን። ነዚ አገዳሲ ህዝባዊ ዕላማ ንኽነዕዉት፣ ዕርቅን ሕድነትን ክንጥቀም፣ ቂምታታትን ጽልእታትን ክንፍዉስን እዩ። **ተልእኾናን፡ መንነትናን**፣ ሲቪክ ህዝቢ ንክጥርነፍን፡ ዕላዉያን ወከልቱ ካብ ዝተፈላለያ ሽዉዓተ ሃገራት ኤዉሮጳ ዝተዋጻእና፡ አብ ጽባሕ ሰላማዊ ሰልፊ ጀነሳ 2018፡ ዕለት 01/09/2018 አብ ዝተገብረ ክፉት አኼባ በቲ ናይቲ ተጋባኢ፡ ናይቲ አኼባ ተኻፋሊ ህዝቢ ዝተመረጽና ሽዉዓተ ሰባት፣ ካብ ሽዉዓተ ሃገራት ኢና።

e-mail Hayliemam@ Outlook.com እዩ።

[1] አብርሃም ተስፋይ፣ ካብ ዓዲ ጥልያን፡ 00393245 980876/
[2] ፈቨን ሓደራ ካብ ዓዲ እንግሊዝ 00447508050586
[3] በሪሁ ኪዳነ ካብ ኖርወይ 00479473041ዘ
[4] ስዒድ ዑስማን ካብ ሆላንድ 0031638391644
[5] አብርሃም ኢያሱ ካብ ፈረንሳይ 0033769467278
[6] ብርሃነ ሃብተ ካብ ኤሜሪካ
[7] ከድጃ መሓመድ ካብ ስዊድን እዮም።

ዕማምን ተልእኾን ሽማግለ ሓይሊ ዕማም ጀነሳ 2018፣

[1] ነብሲ ወከፍ ሃገር 7 ሰባት ወከልታ ንኽትመርጽ : እዚኦም ወከልቲ ናይ ነብሲ ወከፍ ሃገር ዝተመርጹላ ይኾኑ። ንዝኾነ ነባሪ ናይታ ሃገር ዘጋጥም ከአ ይጣበቑ፡ ይመርሑን፡ ንህዝቦም ይልአኣኹን፣ ዬገልግሉን። ዕላዉነት ከአ ይህልዎም፣ እዚ አብ እዋን ሰላማዊ ሰልፊ ጀነሳ ዕለት 31/08/2018 ንክማላእ እኳ ይትሓሰብ እንበር ክማላእ አይተኻእለን። ማለት አብ ክንዲ ኩለን ዝተጸዉዓ ሃገራት፣ 10 ሃገራት ጥራይ ተረኺቦን። ንጽባሒቱ ዕለት 01/09/2018 ናይ ኩለን ሃገራት አኼባ ክግበር ተብሂሉ ተላኢኹ ዝነበረ ከአ፡ በተን ዝተረኽባ ሃገራት አኼባ ክግበር ተወሰነ፣ እዚ ከአ ዕለት 01/09/2018 ማለት እዩ። ዝተማልኤን ሙሉእን ናይ ኩለን ሃገራትን አኼባ ናይቲ ሰላማዊ ሰልፊ ህዝባዊ ዘተ ክካዬድ ተብሂሉ ዝነበረ አይተፈጸመን። በታ አሳናዳኢት ሽማግለ ሰላማዊ ሰልፊ ጀነሳ፡ ናይ አትዓዳድማ ጉድለታት ብምንባሩ ክማላእ አይተኽእለን ። ነዚ ክማላእ ዘይተኻእለ፡ ዕማም ንክትዓምም ከአ ካብቲ አኼበኛ ናይ ዕለት 01/09/2018 ብምልአት ክካዬድ ዘይተኻእለ ተገምጊሙ፡ አኼበኛ ብሽማግለ ሓይሊ ዕማም ጀነሳ 2018 ንክማላእን፣ ጎስጓስ አብ መላእ ዓለም ክካዬድን ወሰነ። በዚ መሰረት ከአ ተልእኾና ናብ መላእ ደላይ ፍትሒ ክትሓባበርን ክትሓጋገዝን መልእኽትና ነምሓላልፍ አሎና።

[2] እቶም ዝተመርጹ 7 ወከልቲ ናይታ ሃገር፣ ወከልቲ ሃገር ስደተኛታት ይኾኑ፣ እዞም ኣብ ነብሲ ወከፍ ሃገራት ዓለም ዝተመርጹ ተእኪቦም ወከልቲ ብዓለም ለኻዊ ደረጃ፣ ናብ ዝግበር መጻኢ ዓዉዲ ዘተ ተኻፊሎም ይጋብኡ። ካብዞም ኩሎም ወከልቲ ሃገራት ዝምረጹ ከአ መሪሕነት ስደተኛ ኤርትራ አብ ዓለም ኮይኖም ንከገልግሉ፣ ንመሰላት ህዝቢ ኤርትራ አብ ዲያስፖራ ይጣበቑ፣ ንህዝቢ ነቲ ዝደልዮ ለዉጢ አብ ኤርትራ ንክሰላሰል ድፍኢት ይገብሩ፡ ዓለም ለኻዊ ኤርትራዊ አካል ንኽምስረት ከአ ንኽከአል ዝቃለስ ይኸዉን። ንኤርትራ ዘድልያን ዘርብሓን ለዉጢ ንክመጻእ ክቃለሱን ክመርሑን፡ ብስም ኤርትራዉያን ስደተኛታት ወኪሎም ክንቀሳቐሱን፡ ክቃልሱን፡ ክጣበቑን፡ ናይ ሓባር መራሕቲ ንክኾኑናን ንኽከአል ዝዕላምኡ እዩ።

[3] ነዚ ንምክያድ ዝተዋህበና ናይ ግዜ ገደብ፡

ዕድመ ስልጣን ዉክልናና ንሸዱሸተ አዋርሕ ክኸዉን እንኮሎ፣ በኣድላይ ምኽንያት ዘናዉሕ ኩነታት ምስ ዘጋጥም ከአ፣ ክልተ አዋርሕ ክትዉስኽ ከምእትኽእል ሓላፍነት ተዉሂብዋ። ስለዚ አገልገልትን ተለአአኽትን ደለይቲ ፍትሕን ምኻና ከአ ደጊምና ነነጽር።

[] ዎ ዉጹዕ ኤርትራዊ ተስፋ ከይቆረጽና ንመሰልና ሓቢርና ደዉ ኢልና ክንቃለስ ንጽዉዓካ አሎና፣ ዲክታተርን ዲክታተራዉያንን ብጥሙር ሓይሊ ቃልስና ጥራይ እዮም ክወድቁን ክሞቱን ዝኽእሉ።

[] ወተሃደር ኤርትራ ኽአ፣ ሕልና ክንብርን : ባርያ ኢሳያስ ካብ ምኻን ክላቐቕን፡ ንህዝቢ ኤርትራ ደዉ ክብልን፡ ክካላኽለሉን፡ ንነጻነት ሃገሩ ክሓስብን ንጽዉዖ አሎና።

[] አንቱም ሙሁራት ኤርትራ ብፍላይ፡ ፍልጠትኩም፡ ንምግልጋል ሃገርኩም ክዉዕልን : ንኢሰብአዊ ምሕደራን ህልቂት ህዝቢ ኤርትራን ፍታሕ ንምርካብ ክትበላሓቱን ሕልና ክትገብሩን ንሓተኩም፡ ካብ ግላዊ አትሓሳስባን፣ ግላዊ ረብሓታትን፣ ወገንነትን ጸጊዕነት ዲክታተርነትን ወጺኹም፡ ንሃገርን ህዝብን ኤርትራ ክትሓስቡን፣ ፍልጠትኩምን አኽእለኹምን፡ ንአገልግሎት ሕብረተሰብ ኤርትራ ከተዉዕልዎ ንጽዉዕ !! አ

10/2018 ዓወት ንህዝብን ሃገርን ኤርትራ፣ ክብርን ዝኽርን ንሰማእታትና